# ጽንብል ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቅንስትዮ

## ኣብ ሽቱትጋርት ብልዑል ማዕርግ ተኻዪዱ

ሸሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቅንስትዮ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ኣብ ዝተሳተፍዎ ብክብ ዝበል ድምቀት ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ብ 03 መጋቢት 2012፡ ኣብ ትሕቲ „ጽንዓትናን መኸተናን ንርሁው መጻኢና የርሑ“ ዝብል ቴማ ተጸንቢሉ። ዋና ጸሓፊት ሃማደኤ፡ ወይዘሮ ኣስቴር ኣርኣያ፡ ብዝክረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት፡ ንህዝቢ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብምባል፡ መደብ ናይቲ ምሸት ብምግላጽ ፈሊማቶ። ስዒቡ፡ እቶም ወናማት ሰብ እምብልታ ምስተን ዘይሕለላ ጉጅለ ባህሊ መርሓባ ኣዴታት ተሰንዮም፡ ናብ መድረኽ ብምውጻእ፡ ብባህላዊ ወኒ ንህዝቢ ኣባራቢሮም። ኣስዒባ ኣባል ጉጅለ ባህሊ ኣዴታት መንእሰይ ዮዲት ክብሮም ንደቅንስትዮ ኤሪትራ ዝምልከት፡ ንሸሞንተ መጋቢት ዘንጸባርቕ፡ ግጥሚ ድሕሪ ምቕራብ፡ መንእሰይ ፍናን ተኽለ፡ ኣውሎ ብምባል፡ በቲ ጥዑም ድምጹ ዛክራረይ እንዳበለ፡ ክራሩን ንሱን ዘለዎም ምትእስሳር ዘንጸባርቕ ብምዝያም ንህዝቢ ኣሳዕሲዑን ኣዛናጊዑን።

ኣደ-መንበር ሃማደኤ፡ ሽቱትትጋርትን ክባቢኣን፡ ወይዘሮ ጺጋ ወልደገርግስ ኣብ ዝሃበቶ ቃል ማሕበር፡ ኤሪትራውያን ደቅንስትዮ፡ ፈለማ ሃገራዊ ናጽነት ንምርግጋጽ፡ ቀጺለን ኣብ ምዕቃብ ልኡላውነት ይኹን ሰላም ዝሰፈና ስልጥንትን ምዕብልት ኤሪትራ ንኽንውንን ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ ዝተመዝገበ መዳርግቲ ዘይብሉ ዓወት ንተሳታፍነት ደቅንስትዩ ዘጉልሕ ኢዩ፡ ድሕሪ ምባል፡ እዚ'ውን ደቅንስትዮ ኣብ ሰራዊት ማዕረ ብጾተን ደቂ ተባዕትዮ ተሰሊፈን ዘመስከረኦ ጅግንነት ከም ዝኾነ ኣስሚራትሉ። ኣብ ዝካየድ ዘሎ ትሕቲ ቅርጺ ምህናጽ ብምስታፍ ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ልምዓትን እጃመን የበርክታ ኣለዋ። ዓጋቲ ዝኾነ ድሑር ባህልታት ኣብ ምብዳህ ብዘበርከትኦ ዓቢ ግደ ከይተሓለላ፡ ብቀጻሊ ኣብ ምምዕባል ደቅንስትዮን ይኹን፡ ምምዕባል መላእ ሕብረተ ሰብ፡ ዝካኣለን ይገብራ ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ኣደ-መንበር ሃማደኤ፡ መደረኣ ደምዲማ።

ስዒቡ ቃል ኣምባሳደር ብኣቦ መንበር፡ ማሕበረኮምን ኣዋሃሃዲት ሽማግለን፡ ቀሪቡ። ከምኡ'ውን ቃል ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ብዋና ጸሓፊ ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ምስ ቀረበ፡ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ብኣባል መኸተ ሽማግለ ድሕሪ ምስማዕ፡ ኣስዒበን ሰለስተ መንእሰያት ብሓባር ዘመናዊ ዝኾነ ጸወታ ብምጽዋት ንህዝቢ ኣደሲተን። መድረኽ ነቶም ወናማት ሙዚቀኛታት ተረኪቡ። ንሳቶም'ውን በቲ ነቲ በዓል ብዘንጸባርቕ መልክዕ ወኒ ህዝቢ ብምብርባር ክሳብ ሰዓት 11፡00 ናይ ለይቲ ብምጽዋት እቲ መደብ ብዓወት ተደምዲሙ።

ሽማግለ ሃማደኤ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን

ዓወት ንሓፋሽ

[ስእላዊ መግለጺ]